# ጐጅለ ምስላጥ ጉዳይ ህጻናት

## THE NAME GAME

**TIGRINYA TRANSLATION**

**መን'ዩ - መን ኣብ ኣገልግሎታት ቈልዑ - ኣብ ትሕቲ ክንክን ሃልዉ ወይ ካብቲ ክንክን ዝተሰናበትኩም ኩኑ ብዘየገድስ፡ መምርሒ ናይቶም ብኣገልግሎታት ቈልዑ ዝመጸ ክትረኽብዎም እትኽእሉ ሰባት'ዩ። ናይ ስራሕ መዝነት ካብ ሓደ ትካል ናይ ምኽሪን ማዕዳን ኣገልግሎት (ቤት-ምኽሪ) ናብ ካልእ ዝፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ሓደ ዓይነት ዕዮ ግን ክሰርሑ እዮም።**

እዚ፡ ብትካል The Who Cares? Trust (www.thewhocarestrust.org.uk) ዝፈረየ ኮይኑ፡ ካብ ተኸታታሊ ናጻ ናይ መረጋገጺ ወረቐት ተወሲዱ ነቶም ናይ ክንክን ተመኩሮ ዘለዎም መንእሰያት ተባሂሉ ዝተዳለወ እዩ። ንሓገዝን ንምኽሪን ወይ ሓበሬታ ብዛዕባ መሰላትኩም ንምርካብ፡ ብመገዲ ምኽሪ መውሃቢ መስመር 020 7017 8901 (ቀዳመ ሰንበት 10:30 ቅ.ቐ ክሳብ 3 ድ.ቐ) ደውሉ ወይ ናብ advice@thewhocarestrust.org.uk ኢ-መይል ስደዱ።

Care ADVICE LINE 020 7017 8901

The who CARES? Trust





### ማሕበራዊ ሰራሕተኛ

**ክህብኹም ዝኽእሉ ኣገልግሎታት**: ኣብ ክንክን ዘተኰሩ እንተጸኣ ኰይኖም? ብድሕሪ'ዚ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ክህልወኩም'ዩ። ብዛዕባ ዝውሃበኩም ክንክንክ ዝመጸ ውሳኔታት ክገብሩን ብዛዕባ ናይ ክንክን መደብኩም ክከታተሉን እዮም። ብስሩዕ ምሳኻትኩም ርክብ ክገብሩን ብውሑዱ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሽዱሽተ ሰሙን ክበጽሑኹምን እዮም።

**ብኸመይ ከምዝሕግዙኹም**: ኣብ ናይ ክንክን መደብኩም፡ ድሌታትኩምን ስምዒታትኩምን ከይተረፈ ኣተኲሮም ክሰምዑኹም እዮም። ብዛዕባ ውሳኔታት ክገልጹልኩምን ድምጽኹም ብኸመይ ተሰማዕነት ከምዝህልዎ ከፍልጡኹምን እዮም። ኩሉ ግዜ ዝርዝር መወከሲ ሓበሬታ ናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛኹም ክትፈልጡ ይግባኣኩም።



### ናይ ውልቂ ኣማኸርቲ (ፒ.ኤ.)

**ክህብኹም ዝኽእሉ ኣገልግሎታት**: ልዕሊ 16 ዝዕድሜኦም ወይ ካብ ክንክን ዝሰናበቱ? ናይ ውልቂ ኣማኸርቲ (ፒ.ኤ.) ክህልውኩም እዮም። ኣብ ናይ ክንክን መደብኩም ሓላፍነት ክስከሙን ክሳብ ደቂ 21 ዓመት (ኣብ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ምስ እትህልዉ ድማ ልዕሊኡ ዓመት) ትበጽሑ፡ ናይ መሰናበቲኹም መደብ ገምጊሞም ክውድኡልኩም እዮም።

**ብኸመይ ከምዝሕግዙኹም**: ትምህርቲ፡ ስልጠናን ስራሕ/ዕዮን ኣብ ምርካብ ምእንቲ ክሕግዙኹም፡ ምሳኻትኩም ብስሩዕ ክራኸቡ እዮም። ከምኡ'ውን፡ ብርእስኹም ክትሓድሩ ቅሩባት ምዃንኩም ንምርግጋጽ፡ ብዛዕባ መንበሪ ገዛ፡ ገንዘብ፡ ጥዕናን ሓፈሻዊ ኩነታት ወይ ምቾት ዝምከት ምኽሪ ክህቡኹም እዮም።



### ሓለፍቲ ጕጅለ

**ክህቡኹም ዝኽእሉ ኣገልግሎታት**: ማሕበራዊ ሰራሕተኛኹም ወይ ናይ ውልቂ ኣማኻሪኹም (ፒ.ኤ.) መን ምዃኑ ብዝምልከት ክውስኑልኩምን ምኽሪ ኣብ ምሃብ ኰነ ውሳኔታት ኣብ ምርግጋጽ ዝምስገን ስራሕ ይዓሙ ከምዘለዉ ከረጋግጹን እዮም።

**ብኸመይ ከምዝሕግዝኹም**: ብዛዕባ ኣገዳስቲ ነገራት ክትዕ ወይ ዘተ ኣብ ዝካየዱሉ ግዜ፡ ኣኼባ ክሳተፉ እዮም። ሓደ ሓደ ግዜ'ውን፡ ርእይቶኹም ንዓታቶም ምሕባር፡ ነገራት ብጽቡቕ ንኽሰርሑ ኣብ ምርግጋጽ ይሕግዙ እዮም።



### ዳይረክተር ኣገልግሎታት ቈልዑ (ዲ.ሲ.ኤስ)

**ክህቡኹም ዝኽእሉ ኣገልግሎታት**: እዚኣቶም፡ ብዛዕባ ኣገልግሎታት ቈልዑ ሓላፍነት ዝወስዱ'ዮም። ዲ.ሲ.ኤስ፡ ውሑሳት ምእንቲ ክትኰኑን ዝለዓለ ብቕዓት ዘለዎም ኣብያተ-ትምህርቲ ከምዘለዉኹም ንምርግጋጽን፡ ብዝተኻእለ መጠን እቲ ዝወሃበኩም ኣገልግሎት ዝበለጸ ምዃኑ ከረጋግጽ ይግብኦ።

**ብኸመይ ከምዝሕግዙኹም**: ንዲ.ሲ.ኤስ ፍጹም ዘይክትርእይዎ ትኽእሉ ኢኹም፣ እንተኾነ፡ ኣማኸርትኹም እቲ ዝበለጸ ኣገልግሎት ይህቡኹም ከምዘለዉ ክከታተሉ ስራሖም እዩ።

Care ADVICE LINE 020 7017 8901



## በዓል-መዚ ናጻ ገምጋም (ኣይ.ኣር.ኦ.)

**ክህቡኹም ዝኽእሉ ኣገልግሎታት**: ኣብ ትሕቲ ክንክን እንተደኣ ሃሊኹም፡ ኣይ.ኣር.ኦ. ክህልወኩም እዩ። ኣብ መደባት ክንክንኩም ኣመልኪቶም ንዝካየዱ ርክባት ከመርሕዎን ነቲ ዝተዋህበ ውሳኔታት ኣብ ተግባር ከምዝወዓለ ድማ ከረጋግጹን እዮም። ኣብቲ መደብ ክንክን ቈልዑ/ ኣዝማድ ምስ ዝህልዉኹም፡ ልክዕ ከምቲ ናትኩም፡ ንዓታቶም'ውን ኣይ.ኣር.ኦ. ክህልዎም እዩ።

**ክህቡኹም ዝኽእሉ ኣገልግሎታት**: ንዝተዋህበኩም ውሳኔታት ንረብሓኩም ምዃኑ ከረጋግጹ፡ ንዓኻትኩም ክሰምዑኹምን ርእይቶታትኩም ከምዝስማዕ ክገብሩን እዮም። ብኸመይ ጥርዓን ከምእተቕርቡ'ውን ክሕብሩኹምን ብዛዕባ'ቲ እትረኽብዎ ዘለኹም ኣገልግሎታት ዝኾነ ይኹን ዘይምስምማዕ ምስ ዝፍጠር ክፈትሑልኩም ክፍትኑን እዮም። ንመሰልኩም'ውን ደው ክብሉ/ክጣበቑልኩም እዮም።



## ተሓላቒ/በዓል-ሞያ መሰላት ቈልዑ

**እቲ ፍልልይ እንታይ'ዩ**? ኣብ ትሕቲ ክንክን እንተደኣ ሃሊኻ፡ ተሓላቒ ክህልወካ ሕጋዊ መሰል ኣለካ። ተሓለቕቲ ኩሉ ግዜ ንናጻ ውድባት'ዮም ዝሰርሑ። በዓል-መዚ መሰላት ቈልዑ ግን፡ ነቲ ናይ ምኽሪን ማዕዳን ኣገልግሎት እዮም ዝሰርሑ። ንተራኦም ብዝምልከት ግን ናይ ኩሎም ሓደ እዩ።

**ክህቡኹም ዝኽእሉ ኣገልግሎታት**: ድምጽኹም ከምዝስማዕ ክገብሩ፡ ንዓኻትኩም ክሰምዑኹም፡ ጥርዓናት ኣብ ምቕራብ ክሕግዙኹም፡ ክትረኽብዎ ዝግባኣኩም መሰላት ትረኽቡ ምህላውኩምን ንመሰላትኩም ተረዲእኩምዎ ከምዘለኹምን ንምርግጋጽ ክድግፉኹም፡ ከምኡ ድማ ኣብ ኣገዳስቲ ኣኼባታት ክሕግዙኹም እዮም።



## ጕዳይ ተሳትፎ ዝከታተል ሞያዊ ሰራሕተኛ

**ክህቡኹም ዝኽእሉ ኣገልግሎታት**: ኣብቲ ዝወሃብ ኣገልግሎታት ንዘሎ ናይ ናእሽቱ ሰባት ርእይቶ ተሰማዕነት ምእንቲ ክረክብ፡ ምስ ቤት-ምኽሪ ሓልዮት ንቈልዑ ብምዃን ሓቢሮም ይሰርሑ።

**ብኸመይ ክሕግዙኹም ይኽእሉ**? ዘበዝሐ ግዜ ናይ ምዝንጋዕ ወይ ጸወታ ንጥፈታት ይሰርዑ፡ ነቶም ኣብ ክንክን ዝርከቡ መንእሰያት ከም ስልጠናን ኣኼባታትን ዝኣመሰሉ ዕድላት ከምዝውሃብ ይገብሩ። ጸገማት ምስ ዝህልወኩም፡ ነቲ ዝምልከቶ ሰብ ረኺብኩም ንኸተዘራረብዎ ይሕግዝኹም።



## ናጻ በጻሒ (ኣይ.ቪ.)

**ክህቡኹም ዝኽእሉ ኣገልግሎታት**: ኣይ.ቪ. ምስ ናይ ምኽሪን ማዕዳን ኣገልግሎት ዘይራኸቡ ብወለንታ ዝሰርሑ፡ ኣዕሩኽን ነቶም ክንክን ዘድልዮም ቈልዑ ዝሕግዙን (ከም ኣማኸርቲ ማለት'ዩ) እዮም። ኣብ ትሕቲ ክንክን እንተደኣ ሃሊኹም፡ ኣይ.ቪ. ክህልወኩም ሕጊ መሰል ይህበኩም ወይ የፍቅደልኩም እዩ።



**ብኸመይ ከምዝሕግዙኹም**: ምሳኻትኩም ዝዘራረቡ፡ ምኽሪ ዝህቡኹም፡ ዝሕግዝኹምን ኣዕሩኽትኹምን ዝኾኑ ሰባት እዮም።



## ዳይረክተር ናይ'ቲ - ብመገዲ ኢንተርነት ናይ ዘስተምህር ቤት ትምህርቲን መዝነት ዝተዋህቦ መምህርን

**ክህቡኹም ዝኽእሉ ኣገልግሎታት**: ንቤት ትምህርትኹም ወይ ኮለጅኩም ይቆጻጸሩ፡ ኣብ ትምህርትኹም ክዕንቅጹኹም ንዝኽእሉ ጕዳያት ብዝግባእ እናተረድኡ ከኣ፡ ንስኻትኩምን ኩሎም ኣብ ትሕቲ ክንክን ዝርከቡ ቈልዑን ብጽቡቕ ከምእትቕጽሉ የረጋግጹ። ከምኡ'ውን ንውልቃዊ ትምህርታዊ መደብኩም (ፒ.ኢ.ፒ) ሓላፍነት ይወስድሉ። እዚ ከኣ ንዘለኩም ዓቕሚ ወይ ብቕዓት ንኽትፍጽሙ ይሕግዘኩም።

**ብኸመይ ከምዝሕግዙኹም**: ቤት ትምህርትኹም ወይ ኮለጅኩም ንኽሕግዘኩም እናደገፉ፡ ድልየታትኩም የማልኡ፡ ኣብ ኮፍ ኢልካ ናይ ምምሃር ዕላማ ተሳቲፍኩም ምህላውኩም የረጋግጹ፣ ኮርሳት ኣብ እትቕይሩሉ ብዘይ ጸገም መስርሕ ምስግጋር ከምዝትገበር ይገብሩ።



## መዝነት ዝተዋህቦ ነርስ

**ክህቡኹም ዝኽእሉ ኣገልግሎታት**: ኣብ ትሕቲ ክንክን እንተድኣ ሃሊኹም፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት (ንትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድሜኦም ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ)፡ በቲ መዝነት ዝተዋህቦ ነርስ ተፍትሽ ጥዕና ክገበረልኩም እዩ። ንጥዕናኹም ዘድልዩ ነገራት ትረኽቡ ከምዘለኹም ንምርግጋጽ፡ ምስ ማሕበራዊ ሰራሕተኛኹም ሓቢሮም ክሰርሑ እዮም።

**ብኸመይ ከምዝሕግዙኹም**: ነቶም ኣብ ትሕቲ ክንክን ዝርከቡ ቈልዑ ዘጋጥምዎም ጕዳያት ይርድኡ፡ ነዚ ኣብ ግምት ኣእትዮም ከኣ ምኽሪን ሓገዝን ይህቡ።